Tigrinya

## Die Schulpsychologischen Dienste: Elterninformation

## ናይ ሳይኮሎጂ ኣገልግሎት ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ሓበሬታ ንወለዲ

እዚ ናይ ሳይኮሎጂ ኣገልግሎት፡ ብህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ። ንኹሎም ወለዲ፣ ቆልዑ፣ መንእሰያት፣ መማህራን፣ ሓለፍት ቤት ትምህርትን፣ ካልኦት ኣባላት ሰብ መዝን፡ ብነጻ ዝውሃብ ኣገልግሎት እዩ።

እዚ ናይ ሳይኮሎጂ ኣገልግሎት፡ እንተድኣ ምስ ኣተዓባብያን፣ ውሽጣዊ ስምዒትን፣ ትምህርትን ዝተተሓሓዙ ጸገማት ኣለው ኮይኖም፡ ኣድላይ ዘበለ ምኽርን ሓገዝን ይገብር። ምስ እዚኦም ዝተተሓሓዙ፡ ኣብነት ንምቃስ፡- ናይ ምምሃር ወይ ዓቕሚ ጸገም፣ ናይ ትምህርቲ ድሌት ዘይምህላው፣ ትሑት ደረጃ ተውህቦ፣ ተነጽሎ፣ ናይ ምምዕባል ሽግራት፣ ናይ ኣእምሮ ጸገማት፣ ምስ ጉርዝውና ዝተተሓሓዙ ሕቶታት, ወዘተ።

ከም መበገሲ ናይቲ ናይ ምኽሪ መስርሕ፡ መጀመርታ ነቲ ቆልዓ ናይ ምርመራ ገምጋም ይግበረሉ (ምርመራ - ብምርኣይ)። እቲ መስርሕ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለይ ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ናይ ኣእምሮ ብቕዓት ይግምገም። ዝበዝሕ ግዜ እቶም ማሕበራዊ ጽልዋታትን፡ ናይ ሳይኮሎጂን ስሚዕታውን ሓሳባትን ኣብ ግምት ይኣትዉ።

ዕላማ ናይ`ዚ ሳይኮሎጂ ዕዮ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ንወለድን ቤት ትምህርትን፡ ኣብ ምዕባይ ቆልዑን ምምሃርን ዘለዎም ዕማም ንኽማልኡ ንምሕጋዝ፡ እሞ ናይ`ቲ ተመሃራይ፡ ናይ ምምሃር ክእለቱን፣ መጻኢ ዕድላት ሂወቱን ንምሕያል እዩ። እዞም ሳይኮሎጅስትስ፡ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ስርሖም፡ ሜላን፣ ኣብ መፍትሒ ሽግራት ዘተኮሩ መምርሒታትን፣ ብምጥቃም ይሰርሑ። እዚ ናይ ሳይኮሎጂ ኣገልግሎት፡ ናብ ሶንደር ማለት ፍሉይ ወይ ትሑት ዝበለ ቤት ትምህርቲ ንምስዳድ ወይ ካልእ ስጉምታት ንምውሳድ እማመ ወይ ሓሳባት ከቕርብ ይኽእል።

እዞም ናይ ቤት ትምህርቲ ሳይኮሎጂስትስ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኣብ ላዕለዋይ ናይ ሞያ ቤት ትምህርቲ፡ ብሳይኮሎጂ ዝተማህሩን፤ ከምኡ`ውን እቶም ዝበዝሑ፡ ብናይ ቆልዑን መንእሰያትን ሳይኮሎጂ ወይ ሳይኮተራፒ፡ ብማስተርን ካብኡ ንላዕሊን ዝተመረቑ እዮም።

ነሓሰ 2015